# ሓፈሻዊ ሕክምና (GP)

ሓፈሻዊ ሓኪም (GP)፡ ንጥዕና ምልእቲ ቤተሰብ ዝከታተል ዶክተር እዩ። እዚ ድማ ኣብ ኒውዚላንድ ኣብ ዘለኹምሉ እዋን ንጥዕናኹም ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነ ሰብ'ዩ።

ብዘለኩም ጥዕና ትጭነቑ ምስትህልው፡ ፈለማ ኣብ ሓፈሻዊ ሓኪምኩም ክትርኣዩ ይግብኣኩም።



ሓፈሻዊ ሓኻይም (GPs)፡ ኣብቲ ዘለኹምዎ ማሕበረ-ኮም ዝርከብ ማእከል ሕክምና ይርከቡ። ተለማመድቲ ነርሳትን ካልኦት ብዓል-ሞያ ጥዕናን ድማ ኣብኡ ይሰርሑ እዮም። ኣብ ከባቢ እትነርሉ ቦታ፡ ክሊኒክ ክትህሉ እያ።




ሓፈሻዊ ሓኻይም፡ ናብ ሆስፒታላት፣ ኮማውያን ነርሳት ወይ ካልእ ኣገልግሎታት ጥዕናን ብምምሕልላፍ፡ ብፍላይ ክትረኽብዎ ዘድልየኩም ኣገልግሎት ኣብ ምርካብ ክትሓጋገዝኹም እዮም።




ኮማዊ ካርድ ምስዘይህልወኩም ወይ ድማ ኣብ ሓፈሻዊ ሓኪምኩም ወይ መሰረታዊ ኣገልግሎታት ጥዕና (PHO ተባሂሉ ይጽዋሕ) ናይ እትህበኩም ትካል ምዝገባት ምስትኸኑ፡ ዋጋ መርኣዪ ሕሱር ይኸውን፤ ነዚ ንኽትገብሩ፡ ንተቐባሊት ኣጋይሽ ሓፈሻዊ ሓኪምኩም ሕተቱ። ትሕቲ 6 ዓመት ዝኾኑ ቆልዑ፡ ኣብ ሓፈሻዊ ሓኪም፡ ብውሑድ ዋጋ ወይ ብናጻ ክርኣዩ ይኽእሉ እዮም።

ትሑት ዝዋግኡ ክንክን መታን ክትረኽቡ፡ ቅድሚ ምሕማምኩም፡ ቀልጢፍኩም ኣብ ሓፈሻዊ ሓኪምኩም ክትምዝገቡ ይግባእ።

ነታ ካብ ማእከል ማንገረ ዝተቐብልክምዎ ሕክምናዊ ጸብጻብ ዝሓዘት ደብዳቤ፡ ኣብቲ ፈለማ እትርኣይሉ ግዜ ንሓፈሻዊ ሓኪምኩም ሃቡ።



# ሆስፒታል

ኩለን ዓበይቲ ከተማታት ኒውዚላንድ፡ ሆስፒታል ኣለወን።

ቀዋሚ ነባሪ ኒውዚላንድ ወይ ዜጋ እንተኾንኩም፡ ኣብ ሆስፒታል ዝውሃብ ኩሉ ሕክምና ብናጻ እዩ።



Auckland City Hospital



ኣብ ኒውዚላንድ፡ ኣብ ክኢላ (ስፐሻያሊስት) ክትርኣዩ እንተደሊኹም፡ ሓፈሻዊ ሓኪምኩም ክዳልወልኩም እዩ፤ ንህጹጽ-ኩነታት እንተዘይኮይኑ፡ ብቐጸራ ምጽባይ ክህሉ ይኽእል እዩ።

ህዝባውያን ሆስፒታላት፡ ነዞም ዝስዕቡ ዘጠቓልል ብዙሕ ኣገልግሎታት ይህባ፤

- *ናይ ሕክምናን መጥባሕትን ቆጸራታት ምሓዝ*
- *ክንክን ሽማግለታት*
- *ክንክን ጥዕና ኣእምሮ*
- *ኮማዊ ኣገልግሎታት (ንኣብ. ዞባውያን ነርሳት)*
- *ኤክስረይን ስካንን*
- *ክንክን ወሊድ*
- *ኣገልግሎታት ህጹጽ-ኩነታት*

ኩሎም እዞም ኣገልግሎታት፡ ብህዝባውያን ሆስፒታላት ኣይውሃቡን እዮም፤ ኣገልግሎት ናይ ውልቂ ትካላት ዘድሊ ክኸውን ይኽእል እዩ– እዚ ድማ ገንዘብ የውጽእ እዩ።



ሓፈሻዊ ሓኪምኩም፡ ነዚ ክገልጸልኩም እዩ።

# ህጹጽ-ኩነታት

**ሓደገኛ ዘይኮነ ሃንደበታዊ ሕማም**

ሓደገኛ ዘይኮነ ሃንደበታዊ ሕማም፡ ንኣብ. ንእሽቶ ቁስሊ፣ ጉንፋዕ ወይ ሰዓል ምስዘጋጥመኩም፡ ናብ ሓኪም ቤተሰብኩም (GP) ተሌፎን ደውሉ፤ ምስዝዕጸ ድማ ናብ ናይ ውልቂ ክሊኒክ ሓደጋን ሕክምናን ኪዱ–እዚ ግን ብናጻ ኣይኮነን።

**ኣዚኹም ምስትሓሙ**

- ዓበይቲ ቁስልታት
- ቃንዛ
- ሓደጋ ምዝጋጥም

ናብ ክፍሊ ህጹጽ-ኩነታት ክትከዱ ከድልየኩም ይኽእል'ዩ፤ ክሳዕ ክንደይ ከቢድ ምኳኑ ርግጸኛታት እንተዘይኮይንኩም፡ ምኽሪ መታን ክትረኽቡ፡ ናብ ሓፈሻዊ ሓኪምኩም ወይ ድማ ብ0800 611 116 ናብ መስመር ተሌፎን ሕክምና (Healthline) ደውሉ።

**ክፍሊ**
**ህጹጽ-ኩነታት**

**ሕጹጽ-ኩነታት ምስዘጋጥም፤**

- ኣዝዩ ከቢድ ዝኾነ ቃንዛ ወይ ዝተሰብረ ዓጽሚ
- ድኻም ልቢ ምስዝህሉ
- ሃለዋት-ዘጥፍአ ሰብ ምስዝህሉ
- ከምዝግባእ ዘይምስትንፋስ




ኣብ ህጹጽ-ኩነታት ጥራይ!



ናብ ሆስፒታል መታን ክወስድኹም፡ ናብ 111 ብምድዋል ኣምቡላንስ ጸውዑ።

# ካልኦት ኣገልግሎታት ጥዕና



**<u>ቀማማይ/ክኢላ ፋርማሲ</u>**–ዶክተር፡ ንገለ መድሃኒት ኢሉ ሓደ ቅጥዒ ክህበኩም ይኽእል እዩ፤ እዚ ድማ ትእዛዝ ዶክተር ተባሂሉ ይጽዋዕ። ናብ ዝኾነት መሸጣ መድሃኒት (ፋርማሲ) ኪዱ። ክኢላ ፋርማሲ ድማ ነቲ መድሃኒት መዓስን ብኸመይን ክምእትጥቀመሉ ይገልጸልኩም።

**ክፍሊታት**– ነቲ ዝተኣዘዘልኩም መድሃኒት ገንዘብ ክትከፍልሉ ኢኹም። ካርዲ ኮማዊ ኣገልግሎታት ምስዝህልወኩም ወይ ሓፈሻዊ ሓኪምኩም መድሃኒት ምስዝእዝዘልኩም፡ ክሓስረልኩም ይኽእል እዩ። ንትሕቲ 6 ዓመት ቆልዑ ዝተኣዘዙ መብዛሕቶም መድሃኒት፡ ሕሱራት ወይ ብናጻ እዮም።



**<u>ሓኪም ስኒ</u>**– ናጻ ናይ ስኒ ክንክንን ሕክምናን፡ ኣብ ትምህርቲ ዘለው ወይ ኣታዊ ዘይብሎም ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ቆልዑ ይውሃብ እዩ። እቶም ቆልዑ፡ ኣብ ናይ ቤት ትምህርቲ ኣገልግሎት ሕክምና ስኒ ክምዝገቡ ይግባእ። ንቤት ትምህርትኹም ሕተቱ።

ኣገግሎታት ሕክምና ስኒ፡ ንዓበይቲ ብናጻ ኣይኮነን፤ ካርዲ ኮማዊ ኣገልግሎት ግን ከሕስረልኩም ይኽእል እዩ። ናይ ስኒ ሓኪምኩም ሕተቱ።



**<u>ወሊድ</u>**

ውላድክን ኣበይ ክምዝሕረስን ጥኑሳት ኣብ ዝኾንክናሉ እዋን ድማ ዝከታተለክን ሓኪም መን ምዃኑን ክትመርጻ ትኽእላ ኢኺን። ክንክን ወሊድ፡ ብቐንዱ ብመሕረስትን ገለ ሓፈሻዊ ሓኻይምን ይውሃብ። ሆስፒታላት'ውን፡ ኣገልግሎታት ወሊድ ይህባ እየን። ዝግበር ገለ መርመራታት ድማ ይኽፈሎ እዩ። ህጻን ምስተወልደ፡ ብንፉዓት ነርሳት ቆልዑ (ፕላንከት) ናጻ ደገፍ ይውሃብ፡ ከምኡውን ብሆስፒታል ዝውሃብ ኩሉ ክንክን ብናጻ እዩ።

**<u>ዓይንን እዝንን</u>**



ኣገልግሎታት ሕክምና ዓይኒ፡ ብናጻ ኣይኮኑን። ቆልዑ፡ ናይ ምርኣይን ምስማዕን መርመራ ኣብ ቤት ትምህርቲ ክካይዱ እዮም።



# ደገፍ ቋንቋ

ኩለን ሆስፒታላት፡ ዋጋ ዘይክፈሎ ኣገልግሎት ምስትርጓም ናይ ዝሰልጠኑ ኣስተርጎምቲ ኣለወን። ሓገዝ ምስትርጓም ዘድልየኩም ምስዝኸውን፡ ቅድሚ ቆጸራኹም ክትሓቱ ይግባእ፤ ስለዚ ድማ ኣስተርጓሚ ክትሓዘልኩም ይኽእል።

ናይ ቋንቋ ደገፍ ዘድልየኩም እንተኾይኑ፡ ቅድሚ ቆጸራኹም ንሓፈሻዊ ሓኪምኩም ሓብሩ።

# ሕቶታት?





## መስመር ሕክምና

**ናይ 24 ሰዓት**

**ናጻ ምኽሪ ጥዕና**

## 0800 611 116

መስመር ተሌፎን ደገፍ ቋንቋ፡

9ቅ.ቀ–6ድ.ቀ፡ ሰኑይ — ዓርቢ

refugee health
www.refugeehealth.govt.nz
a website for refugee health information

ኣብዚ ንኡስ-ጽሕፉ (ሊፍለት) ዝርከብ ምኽሪ፡ ነቶም ቀወምቲ ነበርትን ዚጋታት ኒውዚላንድ ጥራይ እዩ፤ ከምኡውን ኣብቲ ዝተሓትመሉ ዕለት፡ ጌጋ ዘይብሉ ኮይኑ ተሓቲሙ።

# ማእከል ሰፈራ ስደተኛታት ማንገረ

## ኣገልግሎት ጥዕና ስደተኛታት

# ስርዓት ጥዕና ኒውዚላንድ



**Auckland Regional Public Health Service**
Rātonga Hauora ā Iwi o Tamaki Makaurau
AUCKLAND DISTRICT HEALTH BOARD Te Toka Tumai
COUNTIES MANUKAU DISTRICT HEALTH BOARD A Community Partnership
Waitemata District Health Board Te Wai Awhina
Working with the people of Auckland, Counties Manukau and Waitemata

መስከረም 07